## "ምውት ኣይክሰስን ........"፥
## ሕጅውን ህዝባዊ መኸተ!

ባዕሉ ካብ ተደርበየ ካብ ዝሓሾ ምፍላይ
ንህዝቡ ጠሊሙ ካብ ዝኾነ ግዳይ
"ምውት ኣይክሰስን ኢዩ" ንቀበሎ ሕራይ
ናይ መለስ ኣይኮነን ዘዛርብ 'ቲ ጉዳይ!

ሕጅውን ከዳሚ ደናብ ሕጊ ኣባይ
መዋዕል ዝምነ ናይ ኤርትራዊ ስቓይ
ሞት ኢሰያስ ዝምነ ዘምበድብደልና "ሮማይ"
ጥፍኣትና ዝምነ እገዳ ምድርባይ

ሕጅውን ዝፍክር ንከሐጉስ ዘራይ
ዕሱብ ኣመሪካ ዘይፍትሓዊት መጻይ
ብዓና ዝጣላዕ ንክረክብ ደላይ
ህዝቢ ዘረሳስን ንክመስል "ሰብኣይ"

ብዘየገድስ ሓዘን ቀብሪ ዓባይ ትግራይ
ብዘየገድስ "ምርኢት" ብዘየገድስ ዋይ ዋይ
ዕድል ኣይንህብን ክምለሰና ዳግማይ
ብትኩረት ንመክት ከይንዳሃል ዳሕራይ

ስውኣት ንደብስ ናይ 20,000 መዳይ
ባድመ ንዘክር መስዋእቲ ንምንታይ
ስረና ሸጥ ነብል ሓድነትና ጥራይ
ንሳ ኢያ እታ ፈውሱ እተብሎ ማይ ማይ!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !